**ዘሕፍር ኣይኮነን**

ሰብ መዚ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ስዊዘርላንድ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያን ኤርትራን ዘለዎም ፖሊሲ ፈሺሉ'ዩ። ወላ'ኳ ናብ መበቆል ሃገሮም ንዝምለሱ ዝግበር ደገፍ እንተወሰኹ፣ ንኣብነት ካንቶን በርን (ኣብ የካቲት 2020)፣ ቤት ጽሕፈት ሰክረታርያት ስደታኛታትን (SEM) ምምሕዳር ፌደራላዊ ቤት ፍርድን (BVGer) ዝከኣል፣ ምኽንያታውን ፍቑድን'ዩ እንተበሉ፣ ሕቶ ዑቑባኦም ዝተነጽገ ኤርትራውያን ናብ ሃገሮም ኣይተመልሱን። ከምኡ'ውን ኤውሮጳዊ ሕብረትን መንግስቲ ስዊዘርላንድን ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድ ኣብ ስልጣን ድሕሪ ምምጽኡ ኣብ ሚያዝያ 2018 ንስምምዕ ምምላስን ምጥያስን ስድተኛታት እንተሓደስዎ'ኳ ብኣጻብዕ ዝቁጸሩ ጥራይ እዮም ንኢትዮጵያ ብሓይሊ ተመሊሶም።

እምባ ገነናዊ ምሕደራ ዲክታቶራዊ ስርዓት ኢሰያስ ኣፈወርቅን ገደብ ኣልቦ ወተሃደራዊ ኣገልግሎቱን ብሓደ ሸነኽ፣ በቲኻልእ ሸነኽ ድማ ተኣፋፊ ብዝሐ ብሄራዊ ምሕደራ ኢትዮጵያ፣ ብብዙሓት ተንተንቲ መጸኢት ይጎዝላቭያ ዝተሰምየት፣ እቶም ንዕለታዊ መግቦም ጥራይ ብመንግስቲ ስዊዘርላንድ ንዓመታት ብዝወሃብ ህጹጽ ሬድኤት ዝነብሩ ስደተኛታት ተስፋ ብምቁራጽን ብንውሓት ግዜን ብክትኣምኖ ዘጸግም ኩነታት ናብ ጎረባብቲ ሃገራትን ዓባይ ብሪጣንያን ንምስጋር'ዮም ዝቃለሱ።

ብኣንጻር ምስ ኢትዮጵያ ዝገበረቶ ስምምዕ ሰላም ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኤርትራ ገና ኣብ ዝኸፍአ ደራጃኡ እንከሎ፣ ናይ'ታ ጎረቤታ ዝኾነት ዓባይ ሃገር ኢትዮጵያ ከም'ቲ ቤት ጽሕፈት ሰክረታርያት ስደተኛታት ስዊዘርላንድን (SEM) ምሕደራ ፌደራላዊ ቤት ፍርድን (BVGer) ተስፋ ዘንበሩሉ ኣይተዓወተን። ሕጂ ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ኲናት ይካየድ ኣሎ። ብኣገላልጻ ቀዳምይ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድ ንዝተወሰነ ግዜን ንጹር ዕላማን'ኳ እንተኾነ ብሰንኪ ዲክታቶራዊ ስርዓት ኣስመራ ነቶም ከሓድቲ ምሊሻ ትግራይ ዝበልዎም ንምውጋእ ብምስታፉ ነገራት ተሓላሊኾም'ዮም። ብተሳትፎ መን? ኤርትራውያን መንእሰያት ብደረጃ ሃገር ብዝተገብረ ግፋ ክሳብ ደቂ 14ን 15 ዓመት ዝርከብዎም ብናይ ጽዕነት መካይን ንዶብ ተወሲዶም ኣብ ቅድሚ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ብምስላፍ መዝሓሊ ባሩድ ይኾኑ ኣለዉ።

ኣቢይ ኣሕመድ ቅልጡፍን ምኽባር ሕግን ዝበሎ ኲናት ብሰንኪ ተሳትፎ እዚ ሰይጣናዊ ስርዓት ተኣማንነት ስኢኑ። ብሓደ ሸነኽ ንመቐለ ርእሰ ከተማ ክልል ትግራይ ብምቁጽጻር ሚሊሻ ትግራይ ናኣዋርሕ ወይ'ውን ንዓመታት ዝቅጽል ደባይ ውግእ ንምክያድ ኣብ በረኻታትን ጫካታትን ኣዝሊቆም። በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ኣብ መንጎ ክልተ ድፈዓት ዝተቀርቀሩ ልዕሊ 100,000 ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ክልል ትግራይ ይርከቡ። ድሮ'ኳ ካብ መዓስከር ስደተኛታት ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት UNHCR ብሰራዊት ኤርትራ ዝተጨውዩ ከም ዘለዉ ተጸብጺቡ'ሎ (ምንጪ ሓብሬታ 1,2,3,4 )። ብተወሳኺ ኢትዮጵያ ነቲ መጥቃዕቲ ካብ ዝጀመረትሉ ክሳብ ሕጂ UNHCR ካብ'ቶም ስደተኛታት ዝረኸቦ ሓብሬታ የብሉን፣ ዝኾነ ደገፍ ክገብረሎም'ውን ኣይከኣለን።

ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወላ'ኳ ዝሓለፈ ወርሒ ታሕሳስ ኣብ ክልል ትግራይ ክበጽሕ ክፍቐደሉ ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ስምምዕ እንተበጽሐ ክሳብ ሕጂ ኣይሰለጦን።

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣቢይ ኣሕመድ ነዘም ስደተኛታት እንታይ ክገብሮም'ዩ? ብጠለብ ዲክታቶር ኢሰያስ ንኩሎም ተቋወምቲ ጉጅለታት ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ ኣጊድዎም'ዩ። ኣስዒቡ ኣብ ኩናት ኣንጻር ሰራዊት ትግራይ ብዝገበሮ ምትሕብባር፣ ነቶም ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ኤርትራውያን ስደተኛታት ከም ገጸ በረከት ዶ የበርክተሉ ይኸውን? እቲ ሽልማት ኖብል ሰላም ዝረኸበ ካብ'ቲ ባዕሉ ዛኣተዎ ዓዘቕቲ ብኸመይ ይገላገል ይኸውን? እቶም ካልኦት ብሄራትከ ንነፍሶም ኣበይ'ዮም ዝሰርዕዋ? ብምኽንያት „ሃገራዊ ሓድነት" ዝበዝሑ መራሕቶም ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ዝተዳጎኑ ወይ ኣብ ናይ ገዛ ማሕዩር ዝርከቡ፣ ርእሰ ምሕደራን ባዕላዊ ውሳነን ዝደልዩ፣ ጠለቦም ቅሂሙ ክተርፍ ድዩ? ወይስ ኣብ ርሑቕ መጻኢ እንደገና ኣብ'ቶም ዳርጋ ብጥሜት ዝተጠቅዑ ወተሃደራት ዲክታቶር ኣስመራ ብምምርኳስ፣ ንኣብነት ነቶም ብደቡብ'ታ ሃገር ዝርከቡ ተቋወምቲ ኦሮሞ ንምቁጽጻር ? ኣብ'ዚ ንቀርኒ ኣፍሪቓ ዝጸሉ ስቱር ቁርቁስ ስልጣን ስዊዘርላንድ ንገዛእ ርእሳ ኣበይ ትሰርዓ?

ሰብ መዚ ስደተኛታት ስዊዘርላንድ እንኮላይ ምምሕዳር ፌደራላዊ ቤት ፍርዲ ዝኾነ ነገር ከም ዘይተፈጸመ ይንቀሳቐሱ ኣለዉ። ብተወሳኺ ካብ ኢትዮጵያውያን ኦሮሞ ዝኾኑ ዘቅርብዎ ሕቶ ዑቑባ፣ ብቁዕ ፖለቲካዊ ምኽንያት'ኳ እንተለዎ ዋጋ ከም ዘይብሎም ይዓሓፉ። ኤርትራውያን ሓተቲ ዑቑባ'ውን ብዙሕ ሽግራት ሰጊሮምን ናይ ስራሕ ተስፋታት ዘለዎም ክንሰምን ብዘይ ብቁዕ መርትዖን ምኽንያትን ሕቶኦም ይንጸግ። ብዙሓት ካብ'ቶም ሕቶ ዑቑባኦም ዝተነጽገ ኣብ ጫካታት ካላያስን ዱንከርኩን ብፍሉያት ሓይልታት ኮማንዶ መዓልታዊ ዘንብዕ ጋዝ ይነፍሶም ኣሎ። እሞኸ ሓላፍነት ክትስከሙ ኣይትደልዩን ዲኹም? ክሳብ መኣስ ኢኹም ካብ'ዚ ንብሩህ መጻኢ ማእለያ ዘይብሎም መናሰያትን ጥዑያት ሰባትን ኣብ ሕሰም ይኸትት ዘሎ ኩነታት ፖሊሲ ርእሲ ምሕባዕ ሰገን ክትክተሉ?

እቲ ነቶም ኣብ መንጎ 2014ን 2016ን ዝመጽኡን ክሳብ ሕጂ ዘለዉን ሰባት ቅቡላት ስደተኛታት ናይ ምኳኖም ግዜ ኣይኣኸለን ድዩ? እቲ ናብ መበቆሎም ናይ ምምላስ መደብ ዘይምኽንያታውን ዘይቅቡልን ከም ዝኾነኸ ዳግመ ግምት ኣይግበረሉን ድዩ? ሕጂ እዘም ሰባት እዚኦም ኣእምሮኣውን ኣካላውን ጥዕናዊ ማህሰይቲ ኣለዎም።

ነታ ብዙሓት ብሄራት እትውንን ኢትዮጵያ ብዘውዳዊ ግዝኣት ወይ ወተሃደራዊ ስርዓት ኣብ ሓደ ዕትሮ ብምጥጣቕ ናይ ምርግጋኣ መስርሕ ዓመታት'ዩ ክወስድ፣ ንሱ'ውን እንተ ተዓዊቱ'ዩ። ኩነታት ሰብኣዊ መሰላትን ባይታ ዝዘበጠ መነባብሮን ኤርትራ ዲክታቶር ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ ስልጣን ክሳብ ዘሎ ክመሓየሽ ኣይክእልን'ዩ። ስዊዘርላንድ ሕጂ እቶም ኣብዚ ኣሰካፊ ኩነታት ወዲቆም ዘለዉ ኣብ ደረጃ ትጽቢት ህጹጽ ረድኤትን ኣሰካፊ ዘይሰብኣዊ ኩነታትን ክሸመሙ ክትርኢ'ያ። ወይ ድማ  ዲሞክራሲ ኣብ መንጎ'ቶም ነዚ

ኩነታት ዘይኣመኑሉ ተጻረርቲ ኣጻብዕቲ ብውዳቁ ንምምትግባሩ ግዜ ከም ዝወስድ ኣብ መወዳእቱ ክትእመን'ያ። ህላዌ ናይዞም ስደተኛታት ሕጋዊ ምግባሩ ንቤት ጽሕፈት ሰክረታርያት ስደተኛታት ስዊዘርላንድን ፌደራላዊ ምሕደራ ቤት ፍርድን ሕፍረት ዘጎልብብ ኣይኮነን! ነቲ እና ገደደ ዝመጽአ ኩነታት ሰሜን ኢትዮጵያ ኣዚዩ ወሳኒ መርትዖን ትጽቢት ዝግበረሉን ውሳኔ ዘውህብን ስለ ይኾነ'ዩ። ነዚ ሓቒ'ዚ ዝኾነ ሰብ ክኽሕዶ ኣይክእልን'ዩ። ካብ ሰብኣውነት ተበጊሱ ነዞም እልቢ ዘይብሎም መንእሰያት ኣብ ስዊዘርላንድ ዕድላት ስልጠና ብምርካብ ምስ ህሉው ኩነታት ከም ዝወሃሃዱ እንተ ገይሩ ሕፍረት ዘጎልብብ ምኽንያት የብሉን። ልዕሊ ኹሉ ከኣ ንሕና ስዊዘርላንዳውያን ነቲ ኣብ'ዚ እዋን ከነተግብሮ ዘይከኣልና ሰብኣዊ ክብሪ ዘቐድም ባህልና ክንኮርዓሉን ክንሕበነሉን ክንክእል ኢና።